# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.144 | ሰንበት 15 ለካቲት 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3



ገጽ 4
ጥሉል መሬት ብኸመይ ንዕቅቦ፧



ገጽ 5
ነዊሕ ጕዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን



ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 7
"ኮማዊ ሰረት ውዳበና፡ መሰረት ኩልንትናዊ. . .




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንበሩ



ሰኣሊ-ኣክሊሉ ዘርኣዝጊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ትማሊ 14 ለካቲት ንግሆ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንበሩ።

ኣብ'ቲ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ዝተሰነየ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽን ነጋድያንን ተረኺቦም ነይሮም።

"ቅያ ፈንቅል ንወለዶታት'' ብዝብል ቴማ ዝካየድ ዘሎ ጽንብል መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ሎሚ (15 ለካቲት) እውን ክቕጽል እዩ።

## ወግዓዊ ጽንብል መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ብድምቀት ተኻየደ

ወግዓዊ ጽንብል መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ "ቅያ ፈንቅል ንወለዶታት" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ኣብ ገምገም ባሕሪ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ብልዑል ድምቀት ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ብኤራቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ብቐጥታ ዝተፈነወ ጽንብል፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ካብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝመጹ ነጋድያን ተሳቲፎም።

ኣደ-መንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ዘይነብ ዑመር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ ታሪኽን ቅያን ስርሒት ፈንቅል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዘሰጋግርን መመለሲ ዝደምቐን ወርሻ ጅግንነት ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ዘጸር ምዃኑ ብምሕባር፡ ነቲ ጽንብል ንምድማቕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪባ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና፡ ታሪኽ ፈንቅል - ታሪኽ ጅግንነት፡ ቍራጽነትን ተጻዋርነትን ህዝብናን ተጋዳላይን ብምዃኑ ንዘልኣለም ተዘካሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብወህደት ህዝቢ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ኩጥንያታት ህንጻን ካልኦት ኣካላትን ኣብ መላእ ሃገር ዝሰላሰል ዘሎ፡ ኣብ መትከላት ማሕበራዊ ፍትሒ ዝተሰረተ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ብንቕሓት ምስታፍን ብወህደት ምዕያይን፡ ከምኡ'ውን ንጸገማት ወናናትን ሰድራ ስውኣትን ምድጋፍ፡ ካብ ቀንዲ መልእኽቲ ናይ'ዚ ጽንብል ዝኽሪ ከምዝኾነ ገሊጻ።

እቲ ስነስርዓት፡ ብሰልፊ ብደቀኣንስትዮ ዝምራሓ ፈጣናት ጀላቡ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ማእከሎትን ዓበይትን መራኽብ፡ ንታሪኽን ቅያን ስርሒት ፈንቅል ብዘድምቕ፡ ንህዝብን ተጋዳላይን ብዘመጕስ፡ ንሓለምቲ መልእኽቲ ብዘመሓላልፍ፡ ከምኡ'ውን ንሓይሊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ብዘድምዕ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት ዝተሰነየ ነይሩ።

ብቐጻሊ መእሰያት ዞባ ዝሬለመ መደባት ጽንብል መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ባህላውን ስፖርታውን መደባት፡ ምስትምቓር ጸጋታት ባሕሪ፡ ሰሚናራት፡ ምርኢት ፍርያት ትካላት፡ ቀሸት ተመሃሮ፡ ሽልማት ፈንቅል፡ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ከምኡ'ውን መደባት ቁልዑን ኮማዊ ዳሶትን የጠቓልል።



ሰኣሊ- ሳልሕ ዓብደልቃደር



ዜና

# ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሰሚናራት ኣካዪዳ

ፕረዚደንት ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ካብ 7 ክሳብ 11 ለካቲት፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ኣስማጥ፡ ሓልሓልን ሃብሮን ንደቀኣንስትዮ ሰሚናራት ኣካዪዳ።

እቲ ሰሚናራት፡ ኣብ ተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሰን ድሕሪኡ ዝሰዓበ መድረኻትን፡ ምውጋድ ሃጎጽ ልምድታትን ድሕር ኣተሓሳስባታትን፡ ህልው መድረኽን ዝሓቖፎ ሓላፍነትን፡ ኣገዳስነት ውዳበ፡ ከምኡ'ውን ንቕሓትን ዓቕሚታትን ደቀኣንስትዮ ንምብራኽ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት ዘተኮረ ነይሩ።

ወ/ሮ ተኽኣ ኣሰዪባ፡ ደቀኣንስትዮ ካብ ምዕባለ ዝኾነ ኩሉ ድሕረታት ክብድሃ እንተኾይነን ኣብ ትምህርቲ ዝያዳ ክጽቕጣ ብምዝኽኻር፡ ተርእዮ ምቁራጽ ትምህርቲ ኣብ ምግታእ ንቑሕ ተራ ክጻወታ



ተማሕጺና።

ኣዴታት ናይ ደቀን ኣበይ ስለዝኸዱ፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ዝዂብረሉም ምምላእ መሰረታዊ ነገራት፡ ታሪኸን ጅግንነትን ኣብ ምስራጽ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትምህርቲ ዕወታት ዝኸሉ ወለዶታት ኣብ ምፍራስ ዘለዎ እጃም ከምዘለወን ኣረዲኣ።

ሓላፊት ሃመደኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን ብወገና፡ ኣብ'ቲ ዞባ ደቀኣንስትዮ



ንምሕያል ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ስልጠናታትን ከምዝትግበር ብምሕባር፡ ደቀኣንስትዮ ተኻፈልቲ ናይ'ቲ ብማሕበር ዝርሓ ዕድላት ክኾና ምእንቲ፡ ክውደባ ከምዝዮዮእ ኣስሚራትሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ከም'ዚ ዝበለ ኣስተምህሮ ኣፍልጦን ንቕሓትን ዘዕቢ ብምዃኑ ብዙሓዩለ ክጽቀጠሉ፣ ኣብ ንኡስ ዞባታት ዝወሃብ ስልጠናታት ቀጻልነት ክህልዎ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ኣብ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን ተመጒሱ

ብምኽንያት መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብ12 ለካቲት ኣብ ዝተኸፍተ ምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ወጽኢት ምህዞን ሰንዓን ኣቓልቦ ነጋዶያን ስሒቡ።

ብጹሓያዊ ጸዓት እትሰርሕ ጃልባ ከምኡ'ውን ብዘበልገለ ዘይቲ ሞቶር (ኣልዩብርኻቶ) እትሰርሕ እቶን ካብ'ቲ ፍሉይ ትሕዝቶ ኩይኑ፡ ኣብ ምክልኻል ብከላ ዓቢ ተራ ክህልዎ ከም ዝኽእል'ዩ ተገሊጹ።

ኣብኣት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ መሃንደስ መዋእል ደብሳይን መሃንደስ ሙሉጌታ ገብረእግዚኣብሄርን ምስ ብጹዖም፡ 10 ኩንታል እትጸዕን፣ እኹል ብርሃን ጸሓይ ምስ እትረኽብ ክሳብ 15 ሰዓታት ዘገልግል ባትሪ ዘለዋ፣ ኣብ ሰዓት ኣስታት 10 ኪሎ-ሜተር እትጓዓዝን 10 ተሳፈርቲ ክትጽዕን እትኽእልን ጃልባ ንምርኢት ኣቕሪቦም ኣለው።

እቲ ዕዮ፡ ንናይ ምግባር ዓቕሚ




መንእሰያት ዘለዕረ ምኽንያት ዝጠቕሱ'ቶም መንእሰያት፡ ብዝተመሓየሸ ቅርጺ ንምድላዋ መጽናዕትታት ይኻየድ ከምዘሎ፣ ወዲኣ ቅርጻ ምስ ሓዘት ድማ ናብ ዝሰፍሐ ክፋል ሕብረተሰብ ንምብጻሓ ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ኣብል'ቲ ሚኒስትሪ መንእሰይ ሂብል ሚካኤልን ብጹቱን ኣቕሪብምዋ ዘለዉ ብዘበልገለ ዘይቲ ሞቶሪ እትሰርሕ እቶን፡ ብ5 ሊትሮ ንኣስታት 4 ሰዓት እተገልግል ኩይና፡ ኣብ ምግታእ ብከላ ኣከባቢ ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዋ ተገሊጹ።

እዚ ክሳብ 16 ለካቲት ዝቕጽል ምርኢት፡ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ሚኒስትሪታት፡ ቱሪዝምውን ሕርሻውን ጸጋታት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምርኢት ትካላት፡ ቀሸት ህጻናት፡ ደኪና ኣባይትን መዕበቢ ብሔራትን፡ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ከምኡ'ውን ባህላዊ ምርኢት ኣብያተ-ትምህርቲ የጠቓልል።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጾ. 1284

# ኣብ ማእከል ጥዕና ነፋሲት፡ ኣገልግሎት ወሊድ ይብርኽ

ኣብ ማእከል ጥዕና ነፋሲት፡ መጠን ሕርሲ ብ11 ሚእታዊት ዕቤት ከምዝርኣየ፡ ሓላፊ'ታ ማእከል ጥዕና ነርስ መልኣከ ወልደገብርኤል ሓቢሩ።

ኣብ'ታ ትካል፡ ኣገልግሎታት ተመላላሲ ሕሙማት፡ ክታበት ህጻናት፡ ክንክን ነፍሰ ጾራት፡ ሕርሲ፡ ወለንታዊ መርመራታት፡ ላቦራቶሪን ፋርማስን ከምዝወሃብ ዝገለጸ ነርስ መልኣከ፡ ቀጻሪ ተመላለስቲ ክንክን ዝኑበራ ነፍሰጾራት'ውን ብ8 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዓመታዊ ካብ ግንቦት ክሳብ ነሓሰ ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ባጽዕ ፎሮ፡ ጊንዳዕን ካልእ ከባቢታትን ንዝመጹ ስድራቤታት ሓፈሻዊ ኣገልግሎታት ከምዝወሃብ ኣረዲኡ።

ሓንቲ ነፍሰጾር ንድሕነታን ድሕነት ዕሸላን ብውሑዱ ካብ 4 ክሳብ 8 ግዜ ናብ ትካል ጥዕና ክትመላለስ ዝመኽረ ነርስ መልኣከን ሚሮን ግርማይ ብወገኖም፡ ኣብ ዝካየድ መርመራታትን ምኽርን መጻምዲ ክሳተፍ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዘቡ።

ማእከል ጥዕና ነፋሲት፡ ንከተማ ነፋሲት፡ ዓዲ-ሮሶ፡ ላዓይተኛን ማይ-ሓብርን ኣገልግሎት ትህብ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:35 | ዶክመንት |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 17:00 | እንቋዕ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዶክመንት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም ዕላማ ኣሎና ባሕሪ ናትና'ዩ (1ይ ክፋል) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃለው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ ፈንቅል (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ቅያ ፈንቅል ንወለዶታት!

## መበል 36 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል











ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ስውእ ኢዮብ ተኽለ
ስውእ ሃብቶም በርሀ
ኣፍወርቂ ረድኢ
ተስፋልደት ኪዳነ




# ጥሉል መሬት ብኸመይ ንዕቅበ፧

ተኽለዝጊ ተኪኤ
ክ/መሬት - ሚ/መ/ማ/ኣ

**ናይትሮጅን በዚሑ ካብ መጠን ንላዕሊ ሰበባ ከም ዝፈሪ ይገብር።**

ናይ ሎሚ ዓምዲ ኣከባቢ ብምኽንያት እቲ ኣብ 2 ለካቲት ዓመታዊ ዝዝከር ኣህጉራዊ መዓልቲ ጥሉል-መሬት ዝተዓለወ ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ኣምር ጥሉል-መሬት፣ ረብሓታቱ ከምኡውን ኣገባብ ኣተዓቃቕብኡ ብዝምልከት ገለ ሓሳብ ዘፍልጥ ክኸውን እዩ።

ትርጉም መሬት ከም ርዱእ ወሰድና፣ ዓይነታት መሬት ብዝምልከት ግን ከም መጽተዊን ከም መዘኻኸሪን ገለ እንተበልና ጽቡቕ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጥሚታት ከም እተገልጸ ኩሉ መሬት ብዓይነቱ ሓደ ኣይኮነን። መሬት ብማዕድናዊ ትሕዝዝቶኡ፣ ብቕርጹ ወይ መጠን ጸዳፍነቱ፣ ክሊማ (ሙቐት፣ ዝናብ) ዝርከቦ ከቢ. ከምኡውን ብዘለዎ ሽፋንን ኣጠቓቕማን ፈላሊና ክንርእዮ ንኽእል። መሬት ከም ብዙሒ. ዓይነቱ ካብኡ ዝርከብ ረብሓታት ድማ ዝተፈላለየ ክኸውን ግድን እዩ። በቲ ግቡእ ኣገባብ ንመሬት ክንጥቀመሉ እንተ ዘይክኢልና ድማ ሳዕቤኑ ዝተፈላለየ ደረጃ ዘለዎ ምድካይ መሬት ይኸውን።

ክኢላታት ምሕደራ መሬት፡ ዝተፈላለየ መለክዒታት ተጠቒሞም ንመሬት ይኸፋፍልዎ ወይ ምደባ መሬት (Land classification) ይገብሩ። ሓደ ካብኡ ድማ ብመሰረት ህልዊ ኣጠቓቕማን ሽፋንን ዝግበር ምክፍፋል መሬት እዩ። እዚ ኣገባብ ከም ኣቡት እንተርኢናዮ፣ መሬት ኣብ'ታ መጸናዕቲ እትግበረላ ዘላ ግዜ ኣብ ምንታይ መዓላ ውዒሉ ኣሎ፣ ከምኡውን እንታይ ዓይነት ሽፋን ኣለዎ (ባህርያዊ ይኹን ሰብዛሰርሖ)፣ ነፍሲ ወከፍ መዓላ ኣበይን ክንደይ ስፍሓት ኣለዎን፣ ምጽናዕን ምምዝጋብን ዘኩተተ ይኸውን። ኣብ'ዚ ዓውዲ መጽናዕቲ'ዚ፡ ዕቑር ዓቕሚ መሬት ወይ ማዕድናዊ ትሕዝቶ መሬት ምጽናዕ ኣገዳሲኡት የብሉን።

ክፍሊ መሬት (ሚኒስትሪ መሬት፣ ማይን ኣከባብን) ፣ በዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኣገባብ መሰረት ንመሬት ናብ 11 ዓይነታት መዲቡዎ ይርከብ። ንሳቶም ከኣ፦

1. መሬት ሕርሻ፡ ኣብ መዓላ ሕርሻዊ ልምዓት ዘሎ መሬት፤
2. መሬት መጋሆጫ፡ ስሉው ኣግራብን ቑጥቋጥን ዘለዎ ኮይኑ ብሸፋን ሳዕሪ እተዓብለለ ቦታ፤
3. መሬት ኣግራብ፡ ብባህርያዊ ኮነ ብሰብ እተገረበ ቦታ፤
4. ጥሉል መሬት፡ ዓመት ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ጭቃ/ሰልሚ ዘይፍለዮ ሸኻታት ዝጠቓልል፤
5. ብሑጻ እተሸፈነ መሬት፡ ኣብ ገምገም ባሕርን ሩባታትን ዝርከብ ብሑጻ ዝተሸፈነ ቦታ ዘጠቓልል፤
6. ቀላጥ መሬት፡ ዝኾነ ሽፋን ኣትክልቲ ኮነ ህንጻታት ዘይብሉ መሬት፤
7. ቅርሳዊ ኣገዳስነት ዘለዎ መሬት፡ ባህላዊን ስነጥንታዊን ኣገዳስነት ዘለዎም ንኻልእ መዓላ እተኸልከሉ ቦታታት፤
8. ማያዊ ኣካል፡ ንብሕራ፣ ቀላያት፣ ሩባታትን ዲጋታትን ዝሓቑፍ ቦታ፤
9. ህሉው ዓዲ/ከተማ፡ ብህንጻታትን ጽርግያታትን ካልእ ትሕተ ቕርጺ. እተሸፈነ ቦታ፤
10. ደንበታት፡ ኣብ ምምሕዳራዊ ቅርጺ. ከም ዓዲ/ከተማ ዘይፍለጡ ሰባት ብዝዞ ያዊነት ዝሰፈርዎም ቦታታት፤
11. ካልእ ህንጻታት፡ ካብ ዓዲ/ከተማ ወጻኢ. እተደኮኑ ንገለ ዕላማታት ከም ንዕደና፣ ኢንዱስትሪ፣ ወትሃደራዊ ካንቦታትን ፓርክታትን ዘጠቓልል ኢዩ።

ኣህጉራዊ ጉጅለ ንክሊማዊ ለውጢ. (IPCC) ብወገኑ ንመሬት ኣብ ሸዱሽተ ማለት ጫካታት፣ መሬት-ሕርሻ፣ መሬት ሳዕሪ (መጋሆጫ)፣ ጥሉል(ጨቃው)-መሬት፣ ሰፈራታት ሰብ (settlement)፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ብምባል ይኸፋፍሎ።

ጨቃውመሬት ኣብ ክልቲኡ ኣገባብ ምክፍፋል መሬት ከም ኣገዳሲ. ኣካል መሬት ተረኣዩ ኣሎ፣ ዓቢዩ ኢቓልቦ ዝወሃቦ ዓይነት መሬት ከኣ እዩ። እዚ ድማ ምስቲ ዘለዎ ረብሓታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናጠፍአ ዝመጽእ ዘሎ ኮይኑ፣ ንምዕቃቡ ልዑል ኣቓልቦን ቆላሕታን ዘድልዮ ምዃኑ ዘየኻኽር እዩ።

**ጥሉል/ጥልቁይ-መሬት ከመይ ዝበለ እዩ፧**

ጥሉል/ጥልቁይ መሬት ብቐሊል ዝበለ ኣገላልጻ ማይ ዘቐበበ ጭቃ ዝበዝሐ መሬት ኮይኑ ብዙሒ. ማይ (ዝቐባበ) ዝፈትዉ ኣትክልትን ኣንስሳታትን ዝርከብሉ ቦታ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብዙሎ. ክኢላታት ካልኦት ዕሙቕ ዝበሉ ትርጉማታት ይወሃቦ እዩ። ንኣብነት "ራምሳር ዓለምለኻዊ ውዕል ምዕቃብ ጨቃው/ጥሉል መሬት" (RAMSAR- International Wetland Conservation Treaty) ከም ዝሰዐበ ትርጉም ይህቦ፡ "ጨቃውመሬት ማለት ሓደ ብቐዋሚ ወይ ተንቀሳቓሲ፣ ባህርያዊ ወይ ሰብ ዝገበሮ፣ ጨዋም ወይ ጥዑም ማይ፣ ማይ ባሕሪ 'ውን እንተኾነ፣ ኣብ ዓመት ንውሱን ግዜ ወይ ብቐዋምነት ዝቐበበ መሬት ኮይኑ ጸፍጸፍ ማይ (water table) ካብ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ትሕቲ ጸፍሒ. ባይታ ክሳብ ሽዱሽተ ሜትሮ ልዕሊ. ጸፍሒ. ባይታ ዝኸይድ'ዩ"።

ጨቃው መሬት ኣብ ኩለን ኣህጉራት ዓለምና ይርከብ። ጨቃው መሬት ብመሰረት ኣብኡ ዝርከቡ ዓይነት ኣትክልቲን ምንጪ. ማዩን ርኢኻ ኣብ ብዙሕ ንኡስ ጉጅለታት ክትመቕሎ ዝከኣል እዩ። ንኣብነት

- "ረግረግ (marsh)" እንብሎ ጨቃውመሬት ከም ሰልሰላን ሰቲን ዝኣምሰሉ ኣብ ማይ ዝበዝሐ መሬት ዝበቑሉ ንኣሽቱ ኣትክልቲ ዘለዉዎ ክኸውን ከሎ፣
- "ዝዅቲ (Swamp)" ዝበሃል ጨቃውመሬት ከኣ ጉንዲ ዘለዎም ቁጥቋጥን ኣግራብን ዘለዉዎ እዩ።

**ብመሰረት ምንጪ. ማይ ክንገጃሎም ከሎና ከኣ፤**

- ናይ "ማዕበል ባሕሪ" ጨቃው መሬት፣ ማለት ባሕሪ ክገይሽን ክምለስን ከሎ ዝፍጠሩ እዮም።
- ናይ "ፈለግ" ጨቃውመሬት እንብሎ ኣብ ጎድኒ ውሓይዝ ኣብ ዝርከብ መሬት ዝርከቡ ኮይኖም ኣፍላግ ዚያዳ መሊኦም ኣብ ዝፈሰሉ እዋን ማይ ይመልኦ፣ ሩባ ምስ ጎደለ ከኣ ማይ ዓቒሮም ዝተርፉ እዮም።
- ናይ "ትሕተ-ባይታዊ" ማይ ጨቃውመሬት ድማ ጸፍጸፍ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ምስ ጸፍሒ. ባይታ ማዕረ ወይ ልዕሊኡ ኣብ ዝኸሉ እዋን ዝፍጠሩ እዮም፣ ወይ ብልሙድ ኣዘራርባ ፈልፋሊ. ማይ ዘለዎም ጨቃዋት መሬት እዮም።
- ዕያግ ወይ ራህያ እንብሎ ጨቃውመሬት ድማ ድሕሪ ዝናብ ምህራሙ ማይ ዓቍሩሉ ዝተርፍ ቦታ እዩ።

እንተኾነ፡ ገለ ጨቃውመሬት ዓይነት ኣትክልቱ ብዓይነቱ፡ ምንጪ. ማዩ'ውን ካብ ዝተፈላለየን ዝተሓዋወሰን ክኸውን ዝኽእል እዩ።

ገለ ሃገራት፡ ናተን ዝኾነ ኣገባብ ምጉጃል ጨቃውመሬት ኣለወን። ንኣብነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጨቃውመሬታ ኣብ ሓሙሽተ ትኸፍሎም፣ ንሳቶም ከኣ፦ ባሕራዊ (marine)፣ ባሕራዊንኣፍላጋዊን፣ ኣፍላጋዊ፣ ቀላያዊ (lake-associated)፣ ናይ ውሽጢ. መሬት (ካብ ገምገም ዝረሓቐ) ጨቃው መሬት እዮም።

ገለ ካብ እቶም ዝዓበዩ ጨቃውመሬትታት ዓለምና ንምጥቃስ ድማ ከም ኣማዞን፣ ጎላጉል ምዕራብ ሳይበርያ፣ ፓንታናል ደቡብ ኣመሪካ፣ ሳንደርባን (ባንግላዲሽ፣ ህንዲ፣ ቲበት) ይርከቡዎም።



**ተራ ጨቃውመሬት ኣብ ስርዓተ-መንበሮ (Eco-system function)**

ጨቃውመሬት ልዕሊ. ኩሉ ዓይነታት መሬት ከምኡ'ውን ልዕሊ. ኩሉም ስርዓተ መንበሮታት (Ecosystems) እቲ ዝበዝሐ ህይወታዊ ብዙሕነት ዝርከቦ እናተባህለ ይግለጽ እዩ።



ብዙሓት ዓይነታት (ዓሌታት) ኣትክልትን እንስሳታት ከምኡውን ማይክሮባት ከኣ መንበሮኦም ኣብ ጨቃውመሬት እተመስረተ እዩ።

ብመጠን ዝርከቦዎ ከባቢ፣ ዘለዉዎ ቅርጺ. መሬትን ኣብ ስርዓተ-መንበሮ ዝጻወትዎ ተራን ከኣ እተፈላለየ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብኣገላልጻ "ውዕል ራምሳር" ከምኡ'ውን መጽናዕቲ ስርዓተ-መንበሮ መዋእል (UN Millennium Ecosystem Assessment)፣ ኩሎም ጥሉልመሬት ብሓፈሻ መተኣኻኺታ ዘይብሉ ኣገዳስነት ኣለዎም። ገለ ካብ'ቲ ዝጻወትዎ ተራ ንምግላጽ፤

- ምዕቋር ማይ (ምንካይ ውሕጅ)፣
- ምትካእ ወይ ምምላእ ትሕተ-ባይታዊ ማይ፣
- ምጽራይ ማይ፣
- ምፍዋስ ፈሳሲ. ጓሓፍ፣ (ገለ ጥሉል መሬት፣ ናይ ከተማ ወይ ናይ ኢንዱስትሪታት ፈሳሲ. ጓሓፍ መጸረዩ ዝኸውን ቅርጺ. ዘለዎም ኮይኖም እዚ ኣገልግሎት ክወዕሉ ይግበሩ)
- ምዕቃብ ህይወታውያን፣
- ጽግያ ኣትክልቲ፣
- ምፍራይ ምህርቲ ጨቃውመሬት፣ (ኩሉ ዓይነት ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎ ኣብ ከምዚ. ዓይነት መሬት ዝፈሪ ምህርቲ)
- ባህላዊ ክብሪ፣
- ቱሪዝም፣
- ምምካትን ምርዓምን ክሊማዊ ለውጢ. (ኣብ ዑደት ካርቦን ዝጻወቶ ተራ) ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

**ጽልዋ ንጥፈታት ወዲሰብ ኣብ ጨቃው/ጥሉልመሬት**

ጨቃውመሬት፣ ዘለዎ ኣገልግሎቱን ረብሓታቱን፣ ኣብኡ ዝርከቡ ኣትክልትን እንስሳታትን ካብኡ'ዩም ዝርከብ ረብሓታትን፣ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ወዲሰብ ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል እዩ። እዞም ንጥፈታት ሓደ-ሓደ እዋን ህወከት፣ ሽጋር ከምኡውን ኩነታት-ምቕያር እናተባህሉ ይጥቀሱ ኣያም። ገለ ጽልዋታት ምስ ግዜ ናብ ንቡር ክምለሱ ዝኽእሉ፣ ገለ ግን ንሓዋሩ ዝነብሩ እዮም።

ገለ ካብዞም ህወከት ወይ ረብሻ ኣብ ጥሉል መሬት እንብሎም ንጥፈታት ዘውርዶ ዕንወት እዚ. ዝስዕቡ ክኸውን ይኽእል፦

- ብዕኩራ (Enrichment)፡ ዝተፈላለየ ሰብ ዝሰርሖ ድኹዒ ከም ዩሪያ ዳፕ ወዘተ ካብ ሕርሻዊ መሬት ብማይ ተጸይሩ ናብ ጨቃው መሬት ምስ ዝኣቱ ትሕዝቶ

- ምውሓድ ኦክስጅን፣ ጠንቁ ከም ብዕኩራ ተመሲሊ. ኮይኑ፣ ዝሓቐቐ ኦክስጅን ኣብ ማይ ስለዘውሕድ ኣብ ማይ ዝነብሩ ብዓይነ ዝርእዩን ዘይራኣዩን እንስሳታት ከም ዓሳታት ወዘተ ሞት የኸትል።

**- ብኩሉ- ናይ ጨው፣ ናይ ኣሲድ፣ ናይ ደብሪ፣ ወዘተ የምጽእ**

- ምዕናው ኣትክልቲ፦ ሰባት ንዝተፈላለየ መዓላ ክብሉ ኑየም ኣብ ጥሉል/ጨቃው መሬት ዝርከቡ ኣትክልትን ኣግራብን ምሕያም ወይ ቀሪጾም ክውድእዎም ከለዉ. ዚጋጥም እዩ።
- ምቕያር ሙቐት፦ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሙቐት ማይ ጨቃው መሬት ካብ መጠን ንላዕሊ. ከም ዝውዕይ ክኸውን ከሎ፣ ንኣብነት ከም መዝሓሊ. ማሽናት ኢንዱስትሪ ወዘተ።
- ነቕጺ፦ ብዝተፈላለየ ንጥፈት ወዲሰብ ኑቲ ጨቃው መሬት ማይ ዝምግብ ዝነበረ ምንጪ. ምስ ዝእለ ዚጋጥም።
- ዕልቕልቕ፦ ናብ ካልእ ዝፈስስ ዝነበረ ማይ (ውሕጅ፣ ረሳሕ ፈሳሲ. ኢንዱስትሪ/ከተማ) ናብኡ ከም ዝፈስስ ብምግባር ምዕልቕላቕ ኪጋጥም ይኽእል።
- ምቁርራጽ ባህርያዊ ቦታ፦ ብገለ ንጥፈት ወዲሰብ ሓደ ዓቢ. ጨቃውመሬት ኣብ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ. ዝኾነ ንኣሽቱ ጨቃው መሬት ምስ ዝምቀል፣ እቶም ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ፍጡራት ውን ከምኡ ይምቀሉ፣ ዝወፍሩሉን ዝምለሱሉን ዝነበሩ መስመራት ይዕጾ ወይ ይቆራረጽ።

እዚ. ጽልዋ ዝነብሩ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ከኣ ሕርሻ፣ ዕደና፣ ህንጻዊ ልምዓት፣ ልዑል-መጋሆጫ፣ ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ ማይ፣ ብከላ ደረቕን ፈሳሲ. ጓሓፍን ይርከቦም።

**መደምደምታ**

ኩሉ ሰብ ብፍላይ ከኣ ኣብ ምሕደራ ሃብቲ ተፈጥሮ ዝጠፉ ኣካላት፡ ምምሕዳራት ከባቢታት ወዘተ ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ረብሓታት ጨቃውመሬትን ሸኻታትን ሃገርና ተረዲኦም፣ ብዝተኻእለ መጠን ከም ዘለዉዎ ከም ዝቕጽሉን ከም ዝዕቀቡን ክገብሩ ሓላፍነት ኣለዎም። ካብ'ዚ ሓሊፎም እውን ታሪኽ ብምውካስ ኣቐዲሞም ጨቃውመሬት ነይሮም ኣብዚ. ሕጂ እዋን ግን ኣብ ካልእ መዓላ ወዒሎም ዘለዉ ከባቢታት (መሬት) ዝተፈላለየ መጽናዕትን ደገፍን ብምግባር ናብ ዝነበርዎ ኩነት ዝምለሱሉ ኩነታት ክዋደድ ይግባእ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

6ይ ክፋል

*እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት ዝተረኽበ፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፈ መጻናዕታዊ ጽሑፋትን ዛንታታት ተመኩሮ ገድልን ከምኡ'ውን ካብ ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜናን ካልእን ዝተወሰደ ሰነዳትን ሰእልታትን ምኽኑ ዘገንዝብ።*

## ነዊሕ ጉዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን

ዓምባርቡብ ኣብ መንጎ ሕሽክብን ሓለብትን ዘሎ፣ ቤት ጽሕፈታት መሪሕነት ህ.ግ፡ ማእከላይ ሕክምና፡ ዓቢ ጋራጅ፡ ጋራጅ ተዮታ፡ እንዳ ኤለክትሮኒክስ፡ እንዳ ኮምፒስትሪ ዝበረ፣ ንወሰኑ ግዜ ድማ፡ ድምጺ ሓፋሽ ካብ ፋሕ ምስ ኣዝለቐት ከምኡ'ውን ቅድሚ ናብ ኅቦ ሃገር ንኡሽ (ሻባይት) ምግዓዝ ሰፈራታ ዝበረት ታሪኻዊት ቦታ'ያ። እቲ ብጻዑቕ ኣግራብ ጋባ ዝተሸፈነ ብኽልተ ዓበይቲ ኅቦታት ዝተቐርቀረ ጸቢብ ሩባ ዓምባርቡብ፡ ብፍላይ ብሊይቲ ካብ ባርካ ናብ ከተማ ዝቐየረሉን፡ ጻዕቒ ምንቅስቓስ መካይን ዝረየኣሉን፡ ድምጺታት ተሸከርከርትን ጀነረይተራትን ጃጅ ክበል ዝሓድረሉን ካብ ደጀናት ሰውራ ሓደ'ዩ።

ካብ ሕክምና ሓለብት ተበጊስና፡ ሕክምና ዓምባርቡብ ምስ በጻሕና እቲ ብወርወራት ጽሕዲ ዝተረበበ ትሕቲ መሬት ዝተሰርሐ ዓበይቲ ገዛውቲ ምዕቡል መሳርሒታት ሕክምና ዝዓጠቐ ክኸውን እንከሎ፡ ካብ ክልተ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ብዝመጽኡ ውጉኣት ኣዕለቕሊቑ ዝበረ ማእከላይ ሕክምና'ዩ። ኣብ ሕክምና ዓምባርቡብ ሓዲርናን ተሓኪምናን ንጽብሒቱ ድማ ነቲ ዘይተወደአ ጉዕዞና ናብቲ ዓቢ ደጀን ቀጺልና።

ሓሸርባብን ሕሽክብን ሓሊፍና ድማ ቦታ እብ እዋን ገድሊ ዝተሰርሐት ጽርግያ ክሳድ ሕሽክብ ናብቲ ሰፊሕ መሬትን ዓቢ ደጀንን ዝኸደ ጎላጉል ኣደብሓ ተቐቲትና። ኣደብሓ እቲ ሰፊሕ ደጀን ህ.ግ. ዝበሮ ከባቢታት'ዩ። ኣብ ሂምቦል (ዠባይ) ዝበረ ብዙሕ መዓስከራት ክፍሊ ቀነጠባ፡ ጋራጅ፡ ፋይናንስን ጥሑናን፡ ኣብ ዔላቡ ዝበረ ሓለዋ ሰውራ (ተሃድሶ)፡ ክፍሊ ታዕሊም፡ ኣብ ገላት (ዒታሮ) ድማ ናይ ሎሚ ሰራት ሎጂስቲክ ኣጸዋር ዝኾነ ኢምዳድ ውድብ ነይሩ።

ኣደብሓ ብታሪኻዊ ኣጋጣሚታት ዝፍለጥ ወረዳ ነይሩ። ኣብ 1969 ኣብ ፍሩቕ ዝተገበረ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋደልቲ ሓርነት፡ ኣብ 1986 ኣብ ድሪት ኣደብሓ ዝተገበረ ብሩራዊ እየብልዮ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፥ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ሽው ምሸት ኣብ ሂምቦል ምስ በጻሕና ምሕዳርና'ውን ኣብኡ ኣብ ዝበረ ኣካል ፋርማሲ ዝበሮ ቦታ ነይሩ። ካብ መኪና ከይወረድና፡ ኣብ ሂምቦል ሓዲርናን ንጽብሒቱ'ውን ካብ ዝጠን እታ ተሰቒልናያ ዝበርና መኪና ከይወረድና ኣብ ገረብ ተዓሺግና ውዒልና። ኣባላት ፋርማሲ ድማ ብዘለዎም ትሕዝቶ ኣቕሲልና ክሕክሙናን መግቢ ክቕርቡን ተጓይዮም።

ንምሽቱ ጉዕዞና ናብቲ ዓቢ ደጀን ቀጺልና። ሽው ምሸት ማይ ሃሪሙ ስለ ዝበረ፡ እቲ ኣውራ ብሩባታት ዝኸይድ ጽርግያታት በቲ ካብ ኅቦታት ዓይገትን ሸንኮሌትን ዝወረደ ብርቱዕ ውሕጅ ተደምሲሱ ነይሩ። ብሰንኩ ድማ ምስቲ ዝበረ ጸልማት መራሒ መኪና ተደናጊሩ ክንዲ ንጽማን ናብ ሸንኮሌት ገጹ ዝሕዝ ንጸጋም ናብ ባድን ገጹ ተጠውዩ፡ ሓያለ ምስ ከደ መኪና ኣብቲ ጭቃ ተሸኺሉ፡ ኣይንሳዕሲ ኣይንታሕቲ ብሓደ ወገን ዛዚዩ፡ ጠጠው ኢሉ። ምስቲ ዝበረ ኪፍኪፍታን ቁርን ቃንዛ ተወሲኹዎ፡ ዳርጋ ኩላ ሰብ ተጣዒሰ። ሽው ካብ መጠን ንላዕሊ ቃንዛ ዝተሳዕለ ድማ፡ እቶም ካብ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 76 ዝበሩ ምሳና ክደርፉ ጀሚሮም። ቃንዛ ዝተሓወሶ ደርፊ ድማ ነይሩ።

ኣደብሓ ኣብ ክልተ ዝኽፈል ሰፊሕ ከባቢ ኩይኑ፡ ኣደብሓ ንእሽቶን ኣደብሓ ዓቢን ድማ ይበሃል። ሎሚ ንእሽ ዞባ ኣደብሓ ተባሂሉ ዘሎ ሰፊሕ ከባቢ፡ እቲ ቅድሚ ምዝላቕን ቅድሚ ምጽራግ ተሓኤ ካብቲ ከባቢን ኣብ ጸቢብ ቦታ ሰሜናዊ ሳሕል ጥራይ ተሓጺሩ ዝበረ ደጀን ናብዚ ቦታ'ዚ ከስፋሕፍሕ ዕድል ረኺቡ። ኣብ ብዓል ዒታሮ፡ ሂምቦል፡ ሓሰታ፡ ዔላቡ ብዝበሉ ዓረርብ ተደኪኑ ዝበረ መንግስታዊ መዋቕር ዝመስል ዓቢ ደጀን ድማ ደሓር ንመጻኢት ሓራ ኤርትራ ሰረት ዝኸነ'ዩ።

ካብ መጀመርታ 80ታት ኣብ ወሰኑን ከባቢታት ሳሕል ተሓጺሩ ዝበረ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ናብዚ ሰፊሕ ቦታታት ከስፋሕፍሕ ምስ ጀመረ፡ እቶም ፈለማ ህዝቢ ክውድቡ ናብዚ ቦታ'ዚ ዝመጽኡ ብኣጻብዕ ዝቝጸሩ ኣባላት ጀማሂር ጥራይ ዝንቀሳቐሱሉ ዝበሩ ጭው ዝበለ ጸምጸም በረኻ ነይሩ። ድሕሪ ቀሩብ ግን፡ ግዜ ከይወሰደ ናብ ሓደ ዕሙርን ህይወት ዘለዎን መናኸርያ ሰውራ እናተቐየረ መጺኡ።

እቶም ክልተ ካብ ዓምባርቡብ ምሳና ዝበሩ ኣባላት ሕክምና፡ ሓደ ምሳና ተሪፉ እቲ ካልኣይ ድማ ናብቲ ጥና መካይን ዝረኣየሉ ዝበረ ኣንፈት ሰሜን ብምኻድ፡ ሓያለ ምስ ከደ ሓብሪ ጥይት ተኲሱ። ሽው ካብተን ዝመጽኣ ዝበራ መካይን ሓንቲ ኣላገሳ መጺኣቶ። ከነታት ምስ ነገርም ካብተን መካይን ሓንቲ ሮዴታ ዝበራ ሓዙ



ረዘነ ኣርኣያ

መጺኡና። ምስ ምምጻእ ናይታ መኪና ዝያዳ ዘፍረሓና፡ ካብታ ዝበርናያ መኪና ናብታ ካልኣይቲ ከግዕዙና እንተ ፈቲኖም፡ እቲ ምስ ምውራድን ምድያብን ዝመጽእ ቃንዛ ይረኣየና ነይሩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንመብዛሕትና ማስበርቲ ስለዝበረና። ብፍላይ ረዘነ ኣርኣያ በራቑቶኡ ዝተረፉ ኣይነበሩን። እንተኾነ፡ እታ መኪና ካዎ ሰዲዳ ነታ ዝተሸኸለት መኪና ኣውጺኣታ። ሽው ከምዚ ዓቢ ዓወት ዝረኸብና ብድሙቕ ጣቕዒት ኣሰኒናያ። መኪና እናመርሓትና ድማ ንድሕሪት ተመሊሳ ነታ ካብ ዓረርብ መካይን ዝመጽኣላ ጽርግያ ምስ ሓዘት፡ ምስቲ ቃንዛን ስቓይን ዝመልአ ጉዕዞና ናብቲ ዓቢ ደጀን ቀጺልና።

መሬት ኣብ ምውግሑ ኢና፡ እግሪ ናይታ ማስትንራዊት ጽርግያ ሸንኮሌት ዝበጽሓና። እታ ጽርግያ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዘበነ ገድሊ ዝተሰርሓ ማስተንክራውያን ጽርግያታት እያ። ንሕና ዕድለኛታት ኮይንና እምበር፡ ኣብቲ ምጅማር ሻድሻይ ወራር እታ ጽርግያ ኣይተወድኣትን ስለ ዝበረት፡ እቶም ሽው ዝተወግኡ ተጋደልቲ እግሪ ምስ በጽሑ፡ ብቓሬዛታት ኣብ ዝባን ብጾቶም ተጾይሮም'ዮም ናብቲ ዝባን ዝወጽኡ ዝበሩ። ንሕና ግን፡ ኣብ ምዝዛም ሻድሻይ ወራር ዝተወጋእና ብምንባርና ዕድል ገይርና።

መሬት ወግግ ምስ በለ ኢና ኣብ ዝባን ሸንኮሌት በጺሕና። መራሒ መኪና ነፈርቲ ከይመጻ ምስ ብርሃን ጸሓይ እናተቐዳደመ ከሎ፡ ሕጂ'ውን ዘይተሓሰበ መኻልፍ ኣጋጢሙ። መኪና ኣብቲ ዝባን ምስ በጽሐት፡ ኣብ ማእከል ጽርግያ የማናይ ጎማኣ ነፊሱ። ሽው ዝበረ ሸበድበድ ንብዩኑ'ዩ። ነፈርቲ ካብ ናቕፋ ወይ ሰሜናዊ ሳሕል ጽርግያ-ጽርግያ ሓዚዘን'የን ዝመጽኣ፡ ኣብታ ጽርግያ ዝረኸበኣ መኪና ድማ ብዘይ ምሕረት ትሓቲተን እቲ ከፉእ ጽዕነተን ኣብ ዝባና የራግፋ።

ይቕጽል

## ካብ ቅርስታት ሰውራ

እምባ ደንደን

ደንደን ካብ'ቶም ንኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ብቐዋምነት ዘገልግሉ ዝበሩ ዕርድታት ተጋደልቲ ሓደ እዩ። ብስሙ ኸኣ ይትረፍ ኤርትራዊስ ካልኦት ዜጋታት'ውን ይፈልጥዎ'የም። እምባ ደንደን ኣብ ዝባኑ ኴንካ ንኣዝዩ ርሑቕ ከባቢታት ከተማዕዱ ዘኽእል ናይ 1969 ነቑጣ ብራኽ ዘለዎ ገዚኢ ደፋዕ'ዩ። ኣውሊዕን ታህሰስን ከኣ ይበቝሉ። ስም ናይዚ በሪኽ እምባ፡ ብተጋደልትን ብተቐማጦ ናይ'ቲ ከባብን ሓደ'ዩ። ደንደን ይበሃል። ኣብኡ ዓበይቲ ደናጉላን ብዮትታትን ንሓድሕዶም ዝተሓናገጹ ተረርቲ ኣእማንን ኣለው። እዚ ዕድለ'ቱ'ዚ፡ ምስ ስሙ ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ይነገር።

ምኽንያቱ ብቛንቋ ትግረ "ደንደን" ማለት መቓልሕ ዝመልስ ዘጉረምርም ደሃይ ማለት እዩ። ደንደን ቅድሚ ናይ ኩናት ቦታ ምኻኑ'ውን ብቐለሉ ዘይድፈር ሕፉር እምባ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ ዝዓዘም ኣንበሳ ዝጥዕም ድምጺ ኣይፍለዮን ነይሩ። ከምዚ ሎሚ ደንደን ብኹናትን ኣራግጽን ኣግራብን እንስሳ ዘጉዳሙን ከይተቐንጠጠ ከሎ፡ ድምጺ ናይ እግርኻ'ውን መቓልሕ እናመለሰ ዘፍርሕ ወይ ኣብሰኻ ግንባጣብ ዘብል ሓያል ማዕበል ዝፈጥር ዘይድፈር እምባ ምንባሩ ይዝኸሩ።

እምባ ደንደን ከም ቀዋሚ ደፋዕ ካብ ዝምረጽ ክሳብ ካብ ናይ ኩናት ማስመር ንድሕሪት ዝተርፍ ሓይሊ ጸላኢ እናበዝሖ ግን ከኣ ክርግጾ ዘይበቕዐ እምባ ጽንዓትን መኸተን እምባ ማስዋእትን ዓወትን ምኻኑ ይፍለጥ።

ስም ናይዚ እምባ'ዚ ልዕሊ ኩሉ እምባታት ኤርትራ ህቡብነት ከም ዘለዎ'ኸ ትፈልጡዶ? ኣብ ዝቕጽል ቅርስታት ሰውራ ተኸታተሉ።



## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት

1. ለ/ ፋሕ፡ ዓረርብ፡ ናቕፋ
2. ለ/ 3ይ ጉባኤ
3. ሀ/ 1980
4. ሐ/ 8ይ ወራር (እዚ ወራር'ዚ እቲ ናይ መወዳእታ ወራር ደርግ ነይሩ)
5. ሀ/ ኣብ መንጎ ሃይኮታን ጎኝን

## ካብዚ ሎሚ ቅድሚ 44 ዓመታት ኣብ ታሪኽ ሰውራና




ስርዓት ደርግ ነቲ ንኽልተ ዓመታት ዝተዳለወሉን ተሸብሺቡ ተኣንጊቱ ዝበለሉን፡ ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ዝተበገሰሉ ብቐይሕ ኮኾብ ዝፍለጥ 6ይ ወራር ዝጀመረላ ታሪኻዊት ዕለት'ያ።

እቲ ወራር ድማ ብዕለት 15 ለካቲት 1982 ብኹሉ ግንባራት ተጀሚሩ። እዚ ወራር'ዚ፡ ጸላኢ ንልዕሊ 2 ዓመታት ዝተዳለወሉ፣ ሰውራ ኤርትራ ኦሮማይ ዝተባህለሉ ወራር'ኳ እንተ ነበረ፡ ካብ ዕለት 15 ለካቲት ክሳብ 30 መጋቢት ኣብ ውሽጢ ወርሒን ፈረቓን ጥራይ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ወሪዱ። 12,200 ወተሃደራት ሞይቶም፡ 19,500 ቆሲሎም፡ 974 ተማሪኾም፡ 7559 በዓይነቱ ከቢድ፡ ማእከላይን ፈኲስን ኣጽዋሩ ተሰሊቡ። 3 ሚግ ነፈርቲ (2 ሚግ-23፡ 1 ሚግ-21)፡ 19 ታንክታትን ድሩዓትን፡ 40 ወተሃደራዊ መካይኑን ድማ ዓነዉ።

ምንጪ፡ ፍሉይ ሕታም ፍጻመታት ሚያዝያ 1982



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1.Position: Massawa Logistics Coordinator
Department: FITS - Supply
Number required: One (01)
Type of Contract: Indefinite
Place of Work :Massawa Port

Primary purpose

- This position is required to support the Supply & Logistics Superintendent in carrying out the function of receipt of in-bound cargo at Massawa Port, the clearance and transport of the cargo to Bisha mine site with close coordination and communication of Red Sea office at port. This role also involves tracking outbound cargo and the subsequent return of empty containers to the Shipping agents.

**Duties / Functions**

- Methodically and progressively liaise with the Clearing Agent (Red Sea); to assist loading plans and prioritizes loading of cargo and prepares the daily report on the status of in-bound cargo to Asmara logistics superintendent.
- Follow up of cargo manifests/vessel lists with Maritime shipping agent, the Clearing Agent, and the Port Terminal on daily basis, against the Expected cargo lists from Asmara logistics office/Bisha expediting officers to ensure that the expected cargo has arrived. Then reports the manifest to the logistics superintendent.
- Daily – inspect the areas where BMSC cargo has been stored (including loose cargo) to ensure that the cargo can be traced/identified for loading on to trucks to be transported to Bisha mine.
- Daily – Communicates and assists with Red Sea clearing agent and follow up on the cargo documentation undergoing clearing procedures to ensure that the required shipping documents are complete, appropriate, and sufficient so that the customs clearance can be conducted effectively and without delays.
- Daily – checks on the cleared cargo and respective transport status/availability schedules of trucks and monitors the loading schedules to prioritize the cleared cargo to the Bisha mine. Before the end of the day, prepares the daily list of cargo dispatched to Bisha mine site and submits the report to superintendent.
- Prepares and issues Transport Orders to Trans horn trucks loaded with Bisha cargo (this is key role).
- Coordinate out-bound cargo (Sea exports) with close communication of Red Sea and Maritime agents.
- On a weekly basis – liaise with Bisha mine logistics officers and Shipping Agents to follow up on position and whereabouts of the containers received and transported to Bisha mine and ensure that Shipping agents acknowledge receipt of all returned empty containers.
- Daily communication with the superintendent, to assist and liaison with the clearing agent in processing or loading cargo for Bisha mine to ensure clearing procedures are being expedited and any other related port operating duties as instructed by Superintendent.
- The holder of this position reports to Asmara supply & logistics superintendent.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Logistics skills
- Prepares oral and written logistics operations reports.
- Candidates must be medically and Physically Fit.
- Applicants must be prepared to make their accommodation in the workplace (port)

**Qualifications:**

- Certificate or Diploma in supply and logistics chain management or related fields.
- Any equivalent certificate or experience in customs and shipping related activities, secretarial science or archive management is advantageous

**Knowledge and Experience:**

- Port operations experience – 5 years' experience

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced)<br>Able to maintain logistics fields in software data base:<br>Management Skills, Numeracy Skills, Administration skill<br>Planning, Analysis, and problem solving<br>Analytical Thinking ability<br>Logistics skills: Knowledge of shipping, freight forwarding and customs related activities, analytical skill<br>Prepares oral and written logistics operations reports | Leadership – Supervision skills<br>Communication (English and local language)<br>Interpersonal skill and self-initiative<br>Skilled to operate telephone and can function office equipment<br>Decision making and results oriented<br>Experienced with challenges and conflict resolving<br>High oriented safety attitude<br>Integrity & able to work towards strict deadlines |

**General Information and other requirements:**

- **Salary: As per Company salary scale.**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ኣስመራ፡ ዚፕ 1A753 ጎደና፡ 753-5 ቁ.ገዛ 15 ፕሎት 19፡ ፓርሰል B ስፍሓት መሬት 251 ት/ሜ፡ ዓይነት ገዛ G+1 ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM013852/0 ብስመይን ብስም ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣዜብ ዑቕበ ገብረየውሃንስን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣሎ። ናይዚ ዝተጥቕሰ ገዛ ኦርጅናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለዝጠፋኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07745177 ክሕብረኒ፣ እንተዘየሎ፡ ካልእ መተካእታ ኦርጅናል ምስክር ዋንነት ክሓትት ምዃነይ ብኣኽብሮት እሕብር።

ኣቶ ኣብርሃም ተስፋሚካኤል ሃብተጽዮን

ሪፖርታዥ

# “ኮማዊ ሰረት ውዳበና፡ መሰረት ኩልንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና”

## ዓውደ ዘተ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ደቡብ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቓ)

ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቓዲሙ ገምጋም ንጥፈታት ስራሕ 2025 ብምኽያድ፡ “ኮማዊ ሰረት ውዳበና፡ መሰረት ኩሉንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና እዩ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንስትራተጂያዊ ውጥን 5 ዓመት ዘሰርሖ መደባትን ንጥፈታትን ንምትግባር 10 ለካቲት 2026 ኣብ ኣደራሽ ኩዶ-ኢፃማሻ ዓውደ ዘተ ወዲቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኢንጂ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ወ/ሮ ኣመተ ንጉሰ፡ ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ መምህር ወልዳይ ጉብረ፡ ኣመሓደርትን ጸሓፍትን ህግደፍ ንኡስ ዞባታት፡ ሓለፍቲ ሃማመተኤን ሓለፍቲ ጨናፈር ሚ/ትምህርቲ ንኡስ ዞባታትን ዞባን ካልኦትን ኣብ ዝተረኽብሉ ድማ፡ መደብ ናይቲ ዓውደ ዘተ ሰዓት 8:00 ቅ/ቐ ብሃገራዊ መዝሙር ፈሊሙ።

መኽፈቲ ቃል ኣሰሚዑ ንትልሚ ስትራተጂያዊ ውጥን 2026-2030 ዘቕረበ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉብሩ እዩ። ንሱ፡ ስትራተጂያዊ ውጥን ንሓደ ትካል ዘለዎ ሓያል ገዲ



ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን

ብምዕቃብ ህልውን ሕሉፍን ሕጽረታትን ድኽመታትን ብምፍዋስ ዘለውዎ ረቡሓታት ብምዝርዛር፡ ኑቲ ክውቃዕ ዝድለ ራእይን ሸቶታትን ንምትላም ሓጋዚ ምዃኑ ኣብሪሁ። ስትራተጂያዊ ውጥን ንውሁብ ጸጋታት ሰብ፡ ፋይናንስን ንዋትን፡ ብቕርጠውን ስሉጥን ኣገባብ ብምጥቃም ኣብ ዝተዋደዱ መደባት ኣድማዒ ውጽኢት ከም ዝሀበውን ኣብ'ቲ ኣገጣሚ ገሊጹ። ቀጺሉ፡ ሃማመተኤ ካብ 2002 ጀሚሩ ሓሙሽተ ዓመታዊ ስትራተጂያዊ ውጥን እናዳለወ ብብዙሕ ዝትግበር መደባት ሓንጺጹ ብስሩዕ ክኸይድ ከም ዝጸንሐ ብምሕባር፡ ካብ 2021-2025 ክኸይድ ዝጸንሐ ስትራተጃዊ ውጥን ብምዝዛም፡ መደባቱ ብምውርጻጽ ብሓዲሽ ኣውዳድባን ኣገባብን ዝኸይድ ስትራተጂያዊ ውጥን ተኣዲፉ ከም ዘሎ ሓቢሩ። እቲ ተዳልዩ ዘሎ ስትራተጂያዊ ውጥንን ዝርዝር ዕላማታቱን ንጥፈታቱን ኣገባብ ኣተገባብርኡን ድማ ሓደ ብሓደ ዘርዚሩ።

መንእሰይ ኣብ ሓንቲ ሃገር፡ ከም መቖምያ ዓንዲ ማእከል ናይ ሓደ ህንጻ እዩ። ሞተር ወይ ደም ናይ ህዝቢ እዩ። እዚ ኸሉ ትማሊ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወረደ መግዛእትን ጭቆናን ሕሰምን ገብጦን ንምቅዋም፡ “እምቢ ኣይንግዛእን” ዝበለ መንእሰይ እዩ። ብቐንዱ ታሪኽ ኤርትራ፡ ታሪኽ ኤርትራውያን መንእሰያት እዩ። መንእሰይ ህዝቡን ሃገሩን ዝሕንፃር ፍጡር እዩ፡ ዘይሰበር ሓጺንን ድፋዕን ሕብረተሰቡ ከኣ። ትማሊን ሕጂን መንእሰያት ተዋጋእትን ኣዋጋእትን፡ መራሕትን ወደብትን፡ ኣነቓቓሕትን ገተስትስትን ኮይኖም ኣብ ምምዕባል ምዕቃብን ናጽነት ዘይንዋቕ እጃም ኣበርኪቶም እዮም።

ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ሃገራዊ ተቓላሲ ማሕበር እዩ። ኣብ ትሕቲ



መንእሰይ ግርማይ ገብሩ

ጽላል ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓራ መሬት ከረን ኣብ 1978 ክፀምሰረት እንከሎ ድማ፡ እዚ ዕላማታት እዚ ንምትግባር እዩ።

ብሓፈሻ፡ መርሓን ተልእኾን ማሕበር፡ ብኹልንትናኡ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ ምህናጽ እዩ ክበሃል እንከሎ፡ ኣካዳምያውን ሞያውን ፍልጠት ብዝበጽሕ ዝድልብን ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ዝውዕልን መንእሰይ ንምኽስካስ፡ ታሪኽ ዝፈልጥን ዝወርስን ሃገራዊ ክውንነት ዝርድእን ብደሆታት ብዝበጽሕ ዘገጥምን ንቑሕን ተባዕን መንእሰይ ንምምልማል፡ ከምኡ'ውን ንኹሉ ሃገራዊ ዕላማታት ንምዕዋት ዝውፈን ክሱብ ማስዋእቲ ዝኸፍልን መንእሰይ ንምኽስካስ እዩ።

ብሓፈሻ መንእሰይ ግርማይ ኣብቲ ዓውደ ዘተ ናብ ተጋጽኦቲ ዘቕረቦ ንድፊ ወረቐት፡ ካብቲ ብዙሕ ብጽማቑ እዚ ዝስዕብ ደርከቦ። ማሕበር ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣገባብ ኣውዳድባ ኣብ ተመሃሮ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ምድባት ሰፊሕን ንጡፍን ውዳበ ተባሂሉ ከም ዝኸፈፈል፡ እቲ ንጡፍ ውዳበ ንቀያሕቲ ዕንቡባ፡ ፊተውራሪ ሕመረት፡ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ካድር ዝሓቘፈ ምዃኑ፡ እዚ ድማ ኣብኪታውያን መንእሰያት ኣድላዪ ፍልጠትን ንቕሓትን ንምቕሳም ንኹሉ ተመሃራይን መንእሰይን ብማዕረ ንምጽላውን ዝዓለመ ከም ዝኾነ እዩ ሓቢሩ። ኣብ ምብራኽ ውልቃዊ ብቕዓትን ንቕሓትን መንእሰያት ዝበረ ተራ ብእወታ ከም ዝፀምፀም፡ ይኹን'ምበር ኑቲ ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዝጸንሐ መንእሰይ ኣብ ምምእዛን ምእላይን ሕጽረታት ከም ዝጸንሐ'ዩ ገሊጹ። ካብቲ ዓበይቲ ሕጽረታት ድማ፡ ኣባላት ንጡፍ ውዳበ ንሰፊሕ ውዳበ ብምልኣት ንኽጸልውዎ ዘኽእሎም ስሩዕ ቅርጺን ኣገባብ ኣውዳድባን ደሩትኑት ከም ዝጸንሐ ይጠቅስ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ'ዚ ሓዲሽ ስትራተጂያዊ ውጥን፡ ንኹሉ ተመሃራይን መንእሰይን ንምውዳብን ንምምእዛንን ዘኽእል ቅርጺን ኣውዳድባን ከም ዝተኣድፈ እዩ ሓቢሩ። ናብ ቤት ትምህርቲ ወረደካ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ወከልቲ ከም ዝህልውዋ ብምግባር፡ ንሶም እተወሃሀድ ከኣ ኣኪያዲት ኣካል ክትቀውም ዝብል እዩ። እቶም ኣካየድቲ ኣካል ማዕከንኦም ንምእላይ፡ ንቕሓቶም ዘበርኽ ዝተፈላለዩ ኣብ ፖለቲካ፡ ምሕደራ፡ ሱ-ኣእምሮ፡ ታሪኽ ወዘተ ዝሓቘፈ ስልጠናታት ብስሩዕ ክወሃቦም ከም መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ'ውን ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን። ካልእ'ውን ተመሃሮ ክድልብዎ ዝድለ ደረጃ ፍልጠት፡ ብቐርበትን ስሩዕን መደባት ንምስልሳል ኣብ ታሪኽ፡ ስነ-ምግባር፡ ትምህርቲ፡ ግቡእ ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂ፡ ሃይማኖታዊ ጥንፈኛት ካልእ ኣጉዳሲ ዝዕብታትን ዘተኩረ ሓጸርቲ ወርሓዊ ጽሑፋት ተዳልዩ ከም ዘሎ'ውን ገሊጹ። እዚ ወርሓዊ ጽሑፋት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወከልቲ ክፍልታት ተመሃሮ በበኽፍሎም ክዘተዩሉ ምዃኖም የብርሁ።

ብተወሳኺ፡ ተመሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝንባሎም ዘለልዩሉ ኣብ ንቡብ፡ ስነ-ጥበብ፡ መሃዝነት... ወዘተ ዝጥዓሉም ዝተፈላለዩ ክለባት ከም ዝቖውም'ውን ተገሊጹ። ባህሊ ዓያይነት ንምኽስካስ ኣበርክቶኦም ኣብ ኣከባቢ ንምዕባይ ዝዓለመ ማእቶታዊ መደባት፡ ከምኡ'ውን ፍልጠቶም ኣብ ታሪኽን ጃዕርን ንምዕባይ፡ ኣብ ታሪኻውን ልምዓታውን መደባት ዑደት ንምግባር ካብቶም ዝተወጠኑ መደባት ምዃኖም'ውን ሓቢሩ።

ኣብ ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣገባብ ኣውዳድባ፡ ብደረጃ ትካላትን ሚ/ራታትን ክንጠፈሉ ዝጸንሐ እዩ። ብዘለ ኣብ ትካላት ዝርከቡ መንእሰያት ብውዳበ ዝተበጽሑ ኣባላት መንእሰያት ዘለዎ ኣስተዋጽኦ ኣድማዕነቱ ልዑል ብምዃኑ፡ ዝያዳ ንምትርንዖ ኣብ ኣገባብ ኣቀራርባ፡ ምቹእ ግዜን ቦታን ለውጥታት ብምትእትታው ሰፋሕቲ ናይ ገስጋስ መደባት ክተየድ'ውን ተዋዲዱ ከም ዘሎ መንእሰይ ግርማይ ጠቒሱ።

ብፍልእ ሸነኽ ኣብ ዜናውን ባህላውን መደባት ማሕበር ዝያዳ ኣድማዒ ክኸውን፡ ንተመሃሮን መንእሰያትን ዝሓቕፍ ትሕዝቶታት ኣቀራርባ ክህልዎ ብዕቱብ ክስራሓሉ ምዃኑ ኣብሪሁ። ከምኡ'ውን መሃዝትን ኣፍራይነትን መንእሰያት ንምኽስካስ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ፈጠርትን ተበላሓትትን መንእሰያት ባይታ ንምፍጣር ሰፋሕቲ መደባት ምህዞን ሰንዓን ክሰላሰሉ ተወጢኑ ኣሎ።

መንእሰይ ግርማይ፡ ሓያልን ድኹምን ጎድኒ፡ ዕድላትን ስግኣታትን መንእሰያት፡ ድኽመታትን ሕጽረታትን መንእሰያት ብዝርዝር ኣቕሪቡ። ሓያልን ወፋይን ብቑዓትን ክግበር ዘለዎ መደባት፡ ንመንእሰያት ዘማእዝን ሓያል ባህልን ክብርታት ዘውንን መንእሰይ ንምህናጽ ክሰርሓሉ፡ ታሪኽን ክብርታትን ሰውራ ንምውርራስ ብዕቱብ ክዕየየሉ፡ ምኽስካስ



መም/ ወልዳይ ጉብረ



ወ/ሮ ኣመተ ንጉሰ

ትምህርታዊ ንጥፈታት ዘይነጻጸሉ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም ምዃኖም ብምግላጽ፡ ኣብቲ ወጺኡ ዘሎ ስትራተጂያዊ ውጥን ድማ



ብመንጸር ብዙሕን ዓያይነትን ክዕጸር እንከሎ፡ ኣድማዕነት ከም ዘይጸንሖ ብምሕባር፡ ሕጂ ግን ኣብዚ ሓዲሽ ስትራተጂያዊ ውጥን፡ ውዳበ መንእሰያት ክሳብ ብደረጃ ዝኣበዩሉ ምምሕዳር ከባቢን ዓድን ተዘርጊሑ ክውደብሉ ዘኽእል ኣገባባት ከም ዝተሓንጸጸ፡ ብሓፈሻ መንእሰያት ንቕሓቶም ዘዕበዩሉ ኣብ ከባቢኦም ዝምእዘኑሉ ኣብ ወሽጢ'ቲ ሕብረተሰብ ድማ ኣበርክቶ ዝገብሩሉ መደባት ወጺኡ ከም ዘሎ ይገልጽ። ሽማግለ ኣሰሩኽ መንእሰያት ከኣ፡ ብደረጃ ምምሕዳር ከባቢ ን/ኡሳን ዞባታት ቀይሙ፡ ንመንእሰያት ሃገራዊ ንቕሓቶም ኣብ ምብራኽ ከምኡ'ውን ወለዲ ኣብ ምእላይ መንእሰያት ክኽተልዎ ዝግባእ ሜላታት ማእከል መንእሰያት ዝገበረ ናይ ምሕያል ናይ መኣዲ ፍልጠት መደባት'ውን ተሰሪዑ ከም ዘሎ ዘርዚሩ።

ብሓፈሻ፡ ማሕበር ኣብ ኣገባብ ኣውዳድባ ብሰንሰለት ከሒዩሎን ከእትምን ወጠንዎ ዘሎ መደባት፡ ካብ'ቲ ዝተሓተ ኣውዳድባ ተመሃሮ ብደረጃ ክፍልታት፡ ዓዲ፡ ምምሕዳር ከባቢ ብምውራድ ኮም ዝሰርሑ መልክዕ ንምትሓዝ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ገለ ካብ'ቲ ዓበይቲ መደባቱ ንቕሓትን ብቕዓትን መንእሰያት ንምዕባይ ብሰፊሑ ክኪዩዶ ዝጸንሐ መደባት ዋርሳን ሰሚናርን እዩ። እዚ ድማ መደባት ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ትምህርትን ፍልጠትን ሃገራውነትን ፖለቲካዊ መዳይ ንቕሓትን መንእሰያት ምዕባይ፡ ምሕያል ውዳበ መንእሰያት ኣብ መኹተን ልምዓትን ምሕያል ኣብ ሞያዊ ብቕዓትን ስልጠናታትን ምስፋሕን ምሕያልን ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ምምልማል መንእሰያት ክሰርሓሉ ምዃኑ ይጠቅስ።

ብኣጠቓላሊ ኣብ ምዕቃብ ሃገራዊ ሰቲትን ሓድነትን፡ ምግታእ ዘይተደለዩ ተርእዮታትን ወልፍታትን፡ ምትብባዕ ብሉጻት መንእሰያትን ተመሃሮን፡ ወለንታዊ ኣበርክቶን ኣፍራይነትን መንእሰያት ምዕባይ፡ ማሕበራዊ ንቕሓት መንእሰያት ምብራኽ፡ ቀጣዒ ዓቕሚ መንእሰያት ምሕያል፡ ንዋትን መሳለጥያታትን ማሕበር ብግቡእ ምጥቃም፡ ፊናንሳዊ ኣሰራርሓ ማሕበር ምዕባይ፡ ምሕያል ትካላውን ምምሕዳራዊን ዓቕሚ ማሕበር፡ ምኽላስ ካርክሎምን መምርሒታትን፡ ምድላው ባህላውን ዜናውን ንጥፈታት.... ኣብ ዝብሉ ዓበይቲ ኣርእስትታትን ሸቶታት ስትራተጂያዊ ውጥንን 2026-2030 ብደቒቕ ዘርዚሩ።

ብድሕሪዚ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ምስ ኮነ ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ ዘተ ሓጺር ዕረፍቲ ብምውሳድ፡ ኣብ'ቲ ዝቐረበ እማመ ስትራተጂያዊ ውጥን ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ብምምቕቓል ኣብ ኩልንትናዊ መዳይ መንእሰያትና ንምሕያልን ንምድንፋዕን ክግበሩ ዘለዎም ደራዕቲ ሓሳባት ኣቕሪቦምን ብኽፉት ተዘትዮምን። ኣብ ትምህርቲ፡ ፖለቲካ፡ ባህሊ፡ ማሕበራዊ ሸነኻት መንእሰይ ኣብ ዝወጸ ሓዲሽ መምርሒ ውጥናት ተመርኲሶም ኩሎም መሓውራት መንግስቲ ብውህደት ክሰርሑ ምዃኖም'ውን ኣረጋጊጾም። ንምሕያል እቲ ዝወጸ ስትራተጂያዊ ውጥን ካብ ተሳተፍቲ ሃናጺን ኣማእዛንን ሕቶን ርእይቶን ቀሪቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ ንጨንፈር ሚ/ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ወኪሉ ሓላፊ ምም/ ፋይናንስን ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ገብሩን ሓዲሽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃማመተኤን ሚ/ትምህርትን ኣብ ዘካይድዎ ባህላዊ፡ ስፖርታዊ፡ ንትግበርኡ ኩሉ ሰብ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ደቡብ መምህር ወልዳይ ጉብረ ብወገኖም፡ ተወጢኖምን ተሓንጺጾምን ዘለዉ መደባት መንእሰያት፡ ብዮሩበሪ ኣብ ባይታ ንምትርጓምን ንምዕዋቱን ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ካብ ተራ ክሱብ ዝለዓለ ብዓል ስልጣን ብንቕሓት ክዋጥፈሉ ከም ዝዋጎ ተላብዮም። ዕውታትን ኣብነታውያንን ጸዕረኛታትን መራሕትን መንእሰያት ካብ ዕውት መደባት ከም ዝበገሱ ድማ ኣዘኻኺሮም።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንጉሰ ብወገና፡ እዚ መንእሰያት ንምምእዛን ወጺኡ ዘሎ መስርሕ ጉዕዞ ንቕሓት፡ ደጋንሓሊዩ ዘይብሃሎ ዕዮ ጉዛ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብዮሩበሪ ክስራሓሉ ከም ዘለዎ ኣገዚባ። ቀጺላ፡ ኣብ ሃገርም ቀለስትን ጸለውትን መራሕትን ወደብትን መንእሰያት ንምፍራይ ሓያል ቃልሰን ወፍርን ከም ዝሓትት ብምግላጽ፡ ብዝሓየለ ሸነኹ ክዕየየሉ ተማሕጺና።

ብታሪኾምን ክብርታቶምን ሕቡናት መንእሰያት ምኽስካስ ዕማም ኩሉ ዜጋ ምዃኑ ዝሓበረት ብጺይቲ ኣመተ፡ ህዝብን ኩሎም ኣካላት መንግስትን ብዝለዓለ መንፈስ ክዋስኡሉ ድማ ኣዘኻኺራ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ ደምዳሚ ቃል፡ ዝተሓንጸጹ መደባት ንምትግባሮምን ንምውርጻጾምን ብዮሩበሪ ክስራሕ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ መንእሰያት ብኸመይ ኣብ መኣዲ ፍልጠትን ትምህርትን ንቕሓትን ሞያን ተሳተፍቲ ይኾኑ፡ ማሕንቐ ንጥፈታት ኣለሊኻ ንምሕያል ኩሉ ዓይነት ኣውዳድባ ወሲኺ ረቒሒ ምዃኑ ኣብሪሁ። ብሓፈሻ መንእሰያት ኣብ ኩሉ መዳያዊ ዕማም፡ ዕውታትን ሓያላትን ንምግባሮም ብሓባርን ብዕቱብን ክዕየየሉ ተላብዩ።

እቲ ዓውደ ዘተ፡ ኑዩም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝወደቑ ጀጋኑ ሰማእታትና ብምዝካር ሰዓት 12:30 ተዛዚሙ።



ተሳተፍቲ ዓውደ ዘተ

